Mayor's Office of Immigrant Affairs | ጉዳያት ኢሚግረሽን ቤትጽሕፈት ከንቲባ



# ሓድሽ ምልክታ ንኢትዮጵያ

## ኣብ ወርሒ ኤፕሪል 12, 2024, መንግስቲ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ኣብ ልዕሊ እቲ ንናይ ኢትዮጵያ ዜጋታት ዝሃቦ ኣብ ኣሜሪካ ብግዝያዊነት ናይ ምጽናሕ መሰል (TPS) ለውጢ ከም ዝገበረ ኣፍሊጡ ኣሎ

ካብ ኢትዮጵያ መጽዮም ካብ **ኤፕሪል 11, 2024** ኣትሒዞም ኣብ ኣሜሪካ ይነብሩ ዘለዉ ሰባት (Temporary Protected Status, TPS) ክሓቱ፣ ካብኡ ከኣ ናይ ስራሕ ፍቓድ ክሓቱ መሰል ኣለዎም ማለት እዩ።

ንTPS ከምኡ'ድማ ናይ ስራሕ ፍቓድ ክትሓትት ትኽእል ኢካ፣ ካብ **ኤፕሪል 15, 2024 ጀሚርካ።**

እቶም **TPS ዘለዎም ድማ** ዘለዎም TPS ንተወሳኺ 18 ኣዋርሕ ከሕድስዎ ክኽእሉ እዮም፣ ስለዚ በዚ ኣቢሎም ዝረኸቡዎ መሰል ከይስእንዎ **ኣብ መንጎ ኤፕሪል 15, 2024ን ጁን 15, 2024ን** ኣብ ዘሎ ግዜ ደጊሞም ክሓቱ ኣለዎም።

# ካብ ናይ ኢሚግረሽን ሕጊ መደናገርቲን መታለልቲን ተጠንቀቕ

**ኣስተውዕል:**

- ፍቓድ ዘለዎ ጠበቓ ወይ ካብ ክፍሊ ፍትሒ (Department of Justice, DOJ) መረጋገጺ ብቕዓት ዝረኸበ ተወካሊ ጥራሕ እዩ ኣብ ክንዳኻ ናይ ኢሚግረሽን መሕተቲኻ ክሳልጥ ዝፍቀደሉ።
- ናይ ጥብቅና ፍቓድ ዘይብሉ ናይ ሕጊ ኖታሪ እዞም ቅጥዒታት ክመልእ/ንዓኻ ክመልኣልካ ኣይኽእልን።
  በተወሳኺ እዚ ንስኻ ክተሰርሖ እውን ሓላፊነት ክህበካ ኣይኽእልን።

**ናይ ኢሚግረሽን ሕጊ ዘለዎሕልኽላኽ ዘለዎ እዩ።**
**ከምዞም ዝስዕቡ ዝኣመሰሉ ናይ ሓሶት መጽባዓታት ክኣትዉልካ ካብ ዝኽእሉ ናይ ኢሚግረሽን ጉዳያት ነፈጽም ኢና ዝብሉ መደናገርቲን መታለልቲን ተጠንቀቕ:**

- **ብዘይ ዋዓልሕደር** ናይ ስራሕ ፍቓድ ወይ ቪዛ እትረኽበሉ መገዲ።
- **ስግኣተ-ሓደጋታት ወይ ሳዕቤናት** ከምዘየለዉ ዘርእዩ መግለጺታት።
- ኣብ ልዕሊ ናይ ኢሚግረሽን ሰብ መዚ **ፍሉይ ጽልዋ** ኣለና ዝብሉ።

**ንገዛእ-ርእስኻ ከመይ ካብ ኢሚግረሽን ሕጊ መደናገርቲ ክተከላኸል ከም ዘለካ ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፣ ብኽብረትካ ኣብዚ ተወከስ:**

https://www.nyc.gov/site/immigrants/legal-resources/avoid-fraud.page

## 1-800-354-0365

ናብ ናይ (Mayor’s Office for Immigrant Advancement, MOIA)
ኢሚግረሽን ናይ ሕጊ ሓገዝ ናጻ መስመር ተሌፎን ደዊልካ ናይ ሕጊ ሓገዝ ርኸብ
**ካብ ሶኑይ ክሳዕ ዓርቢ፣ ካብ 9ኤኤም ክሳዕ 6ፒኤም**